13/05/2021

# ዕብየት ኣብ ልቦና(Grow in Wisdom)

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

" ካብ ምህሮስ የእምሮ " ዝብል ምስላ ወለድና ብምዝካር ነዚ ኣብዚ እዋናት እዚ ዝዝርጋሕን ዘዛቲ ዘሎ ኣርእስቲ ጉዳያት ሃገር ፍታሕ ይኸዉን ኢሎም፣ ዘቕረብዎ ጉዱሳት ኤርትራውያን፡ ንዓና'ዉን ስለ ዘተሓሳሰበና፣ ጥራይ ዘይኮነስ ንናይ ሓባር ጸላኢ ብሓባር ምቅላስ ጥራይ ክትስዕሮ ስለ ዝካኣል ብምባል፣ ኣብ ዝሓለፈ ዝተማሳሰለ ጹሑፍና ኣብ " ዕርቅን ፍትሕን፡ መዋጽእ ንመጻኢ" ዕለት 24-01-2021፡ "ሰርብ" ዕለት 01-03-2021፡ "ተናገር" ዕለት 27-03-2021 ፡ "ደወል" ዕለት 09-04-2021 ካልእ ጹሑፋትን ፍታሕ ንምድላይን ውህደትት-ቃልሲ ክማላእን ብዝብል በታ ንእሽቶይ ዓቕምና ክንሳተፍ ንፍትን ነይርናን ኣሎናን፡፡

እቲ ኣብዚ እዋናት'ዚ ዓውደ ዘተ ኮይኑ ዘሎ ጥምሮ ሓሳብ "<u>መንግስቲ ኣብ ስደርት" "Government in Exile"</u> ዝብል ኣርእስቲ ብተበግሶ ሲዒድ ሳልሕ ዝምራሕ ፍሉያት ሙሁራት ኣካላት፡ በቲ ሓደ ወገን ከኣ ካብ ነዊሕ ዘተምብሆን ገይና-ዉን ንምትግባሩ ዝጽዕር ሑሩይ ተድላ-ባይሩ ዝምራሕ፤ ኣርእስቱ እኳ ሓደ ይኹን'ምበር ኣቓውምዋን ተግባርነቱን "መንግስቲ ኣብ ስደት" ግን ዘይራኸብን ዘይቃራረብን እዩ፡፡

እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ብወገና ኣብ ሳይንስ ዝተሞርኮሰ ፍልስፍና/ኣራኣእያን **"መንግስቲ"** ምቋምን ቀንዲ ስነ-ሓሳቡን ክንጸፍ ዘለዎ ባይታ ናይ ዲሞክራሲያዊት ሃገር ዝስሓተ ኮይኑን ብጉቡእ ዘይተረደአን ኮይኑ ይስምዓና። ነዚ ንምርዳእ ይጠቅም ዝበልናዮ ብሕጽር ዝበለ ብ-ጆን ሻርፕ ኣብቲ ካብ <u>ምልኪ ናብ ዲሞክራሲ </u>ዝብሎ ጹሑፉ ብምምርኳስ መረዳእታ ክንወስድ ምእንቲ ክንጠቕሶ ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓና፡፡

## ሰለስተ ስልጣን ካበይ ይመጽእ ?

ሰላምን ሓርነትን ዝዓሰሎ ሕብረተሰብ ምህናጽ ቀሊል ኣይኮነን። ብሉጽ ስትራተጃያዊ ክእለት፣ ውዳበን ውጥንን ይሓትት። ልዕሊ ኩሉ ግን ፖለቲካዊ ሓይሊ'ውን ይሓትት እዩ። ዲሞክራስያውያን ንዝእ ሓይሎም ብዓድማዕነት ናይ ምጥቃም ክእለት ክሳብ ዘየጥረዩ፣ ንምልኪ ስርዓት ኣልጊሶም ፖለቲካዊ ሓርነት ክስፍኑ ከተስፍዉ ኣይግብኦምን።

እዚ ግን ብኸመይ ይካኣል ? ዲሞክራስያውያን፣ ንሓደ ሰፊሕ ዝመርበቡ ሓይሊ ሰራዊትን ፖሊስን ዝውንን ምልኪ፡ ክልግስ ዝኽእል ሓይሊ ብኸመይ ክውድቡ ይኽእል ? መልሲ ናይ'ዚ ኣብ'ቲ ብዙሕ ግዜ ግምት ዘይውሃቦ ተርድኦ ፖለቲካዊ ስልጣን ይርከብ፡፡ ነዚ መንቋሕቋሕታ'ዚ ምፍላጥ ዘጸግም ኣይኮነን።

ገለ መሰረታዊ ሓቅታት ምፍላጥ ጥራይ እዩ፡፡

"ዛንታ ጎይታ ህበይ"

እቲ ብዙሕ ግምት ዘይዋሃቦ ዝበልናዮ ኣምር ፖለቲካዊ ስልጣን፣ ልዩ-ጂ ብእተባህለ ቻይናዊ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ክፍለ-ዘመን ዝተጻሕፈ ጽውጽዋይ፣ ኣብነታዊ መገዲ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡፡

ኣብ ሃጸያዊት ሃገረ-ቹ፡ሓደ ብኣህባይ ዝግልገል ዓቢ ሰብኣይ ነበረ። ሰባት ድማ "ጁ ጎንግ(ጎይታ ህበይ)ኢሎም ይጽውዕዎ ነበሩ፡፡

እቲ ሰብኣይ ንግሆ፡ ንግሆ ነተን ኣህባይ ኣብ ቅርዓቱ ይእክበን'ሞ፣ ነታ ኣብ ኩለን ዝዓበየት ህበይ መራሓተን ናብ መሮር ክትክይድ፡ ካብኡ ድማ ፍረታት ማእሪረን ክመጻ ይእዘዘን ነበረ ፡፡ ኩለን እተን ኣህባይ ካብ'ቲ ዝማእረርኦ ፍረታት ሓደ ዕሲራት ነቲ ዓቢ ሰብኣይ ይህብኦ ነበራ፡፡ እተን ከምኡ ዘይገበራ ድማ ብዘይ ንሕሰያ ይግረፋ ነበራ ። እተን ኣህባይ ብሕሱም ይሳቐያ'ኳ እንተነበራ ዕሚም ክብላስ ኣይደፍራን ፡፡

ሓደ መዓልቲ ሓንቲ ንእሽቶይ ህበይ፡ ነተን ካልኦት ኣህባይ ከም'ዚ ክትብል ሓተተተን ፡- " ነዚ ኩሉ ኣግራብን ኣቖጽላትንሲ እዚ ዓቢ ሰብኣይ ባዕሉ ድዩ ተኺልዎ ? " እተን ካልኦት ድማ ከም'ዚ በለኣ፡-"ኣይፋሉን"፡ ባዕሉ

ዝበቐለ እዩ። " እታ ንእሽቶይ ህበይ መሊሳ ሓተተት፡- እሞ ብዘይ ፍቓዱ'ዶ ፍረታት ክንወስድ ኣይንኽእልን ? እተን ካልኦት ድማ ትቕብል ኣቢለን፡- "እወ ክንወስድ ንኽእል" በላ፡፡ እታ ንእሽቶይ ህበይ ቀጺላ፡- "እሞ ስለምንታይ ድኣ ጾግዕተኛ ናይ'ዚ ዓቢ ሰብኣይ ንኸዉን ? ስለምንታይ ኩላትና ነገልግሎ ኣሎና ? "

እታ ንእሽቶይ ህበይ ዘረበኣ ቅድሚ ምውዳእ እተን ካልኦት ኣህባይ ኩለን ነቕሓን ተባራበራን፡፡

ሽዑ ምሸት፡ እቲ ዓቢ ሰብኣይ ደቂሱ ብዝርኣያኦ፡ነቲ ተሓጺረናሉ ዝነበራ ኳና ኣፍሪሰን፡ ነቲ ኣእማን ኩሉ ዓነውነው ኣበለኦ። እቲ ዓቢ ሰብኣይ ኣብ መኽዘን ከዚንዎ ዝነበረ ፍረታት ሒዘን ድማ ሓንሳብን ንሓዋሩን ናብ ጫካታት ኣተዋ። እቲ ዓቢ ሰብኣይ ድማ ብጥሜት ሞተ፡፡

ብኣባሃህላ ዩ-ሊ-ዚ፡- "ገለ መራሕቲ ንህዝቦም ብቕንዕና ዘይኮነስ ብሽፈጥ እዮም ዝገዝኡ፡፡" እዚኣቶም፡ ልክዕ ከም'ቲ ጎይታ ህበይ'ዶ ኣይኮኑን ? ብዛዕባ ድንጉርነቶም ኣዐርዮም ኣይፈልጡን፡፡ ህዝቦም ብዝነቕሓ ድማ ብኡ ንብኡ ሽርሕታቶም ዋጋ ይስእን ፡፡

## ቀንዲ ምንጥታት ፖለቲካዊ ስልጣን

እቲ መትከል ቀሊል እዩ። መለኽቲ ብዘይ ናይ'ቲ ዝገዝእዝዎ ህዝቢ ሓገዝ ንምንጪ ፖለቲካዊ ስልጣን ክዕቅብዎ ኣይኽእሉን እዮም ። ምንጪ ፖለቲካዊ ስልጣን እዞም ዝስዕቡ እዮም ፡፡

- <u>መዚ</u> ፡- እቲ ስርዓት ተቐባል ኣለዎ፤ ስለዚ ድማ ክንምእዘዞ ሞራላዊ ሓላፍነት ኣሎና ዝብል እምነት ናይ ህዝቢ፣
- <u>ሰብኣዊ ጸጋታት</u> ፡- ቑጽርን ኣገዳስነትን ናይቶም ምስ መራሕቲ(ገዛእቲ) ዝተሓባበሩ፡ ዝእዘዙን ዝድግፉን፣
- <u>ፍልጠትን ክእለትን</u> ፡- እቲ ስርዓት ገለ ተግባራት ንምፍጻም ዘድልዮን ካብቶም ተሓጋገዝቲ ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ድማ ዝረኽቦ፣
- <u>ዘይግኡዝ(ረቀቕቲ) ረጃሒታት</u> ፡- ሰባት ንስርዓታት ክእዘዙን ክተሓባበሩን ዝደፋፍእዎም ስነ-ኣእምሮኣውን ስነ-ሓሳባውን ረጃሒታት፣
- <u>ነገራዊ(ንዋታዊ) ጸጋታት</u> ፡- እቶም መራሕቲ ንንብረት፡ባህርያውን ፋይናንስያውን ጸጋታት፣ ቁጠባዊ ሂወት፣ ናይ መራኸብን መጎዓዝያን መስመራት ናይ ምቁጽጻር ዝህልዎም ዝለዓለ ዕድል.

<u>እገዳታት</u> ፡-እቲ ስርዓት ንኽህሉን ክቕጽልን ካብ ዘድልይዎ ቀንዲ ነገራት፡ተምበርካኽነትን ምትሕብባርን ንምርግጋጽ፣ ኣንጻር ኣብያን ዘይምትሕብባርን ክውሰድ ዝኽእል ጹኑዕ መፈራርሒ መቕጻዕታት ፡፡

ይኹን'ምበር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ተምበርካኽነት ምእዛዝን ናይ ህዝቢ፣ ምትሕብባር ናይ ብዙሓት ዜጋታት ትካላትን ዝተሞርኮሱ እዮም፡፡ ውሑዳት ድማ ኣይኮኑን፡፡

ምሉእ ምትሕብባር፣ ምእዛዝን ደገፍን ንምንጭታት ስልጣን ዘራጉዱ ኮይኖም፡ ከም ሳዕቤኑ ናይ ሓደ መንግስቲ ስልጣን ኣብ ምዕንታር'ዉን ተራ ኣለዎም፡፡

ብኻልእ መዳይ፡ ጨቆንቲ፡ ህዝባውን ትካላውን ደገፍ ከም ዝስእኑ ምግባር፡ ነቲ መሰረት ህላወኦም ዝኾነ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን የጉድሎ ጥራይ ዘይኮነስ ጨሪሱ'ውን ክንጽፎ ይኽእል እዩ። ብዘይ እዞም ምንጭታት እዚኣቶም ድማ ጨቆንቲ ይዳኸሙን ይወድቁን፡፡

መለኽቲ፡ ብባህሪኦም ድልየቶም ካብ ምግባር ብዝዓግቶም ነገራትን ሓሳባትን ተነቀፍቲ እዮም። ስለዚ ምእዛዝ ንዝኣበዩ፣ ንዝኣደሙ፣ወይ ምትሕብባር ንዘየርኣዩ ክቕጽዑን ከፈራርሁን ናይ ግድን እዩ ። እዚ ግን፡ መወዳእታ ናይ'ቲ ታሪኽ እዩ ማለት ኣይኮነን። ጭቆናን ጭካነን ናይ ግድን ኣይኮነን ኩሉ ግዜ እቲ ዝድለ ተምበርካኽነትን ምእዛዝን ክኸተል ።

ብኣንጻር ናይ'ቲ ዝህሉ ጭቆና፡ምንጭታት ስልጣን ንዝተወሰነ ግዜ ክዕገት እንተኸኢሉ፡ ኣብ'ቲ ስርዓት ዘይምትእምማንን ምድንጋርን ክፈጥር ይኽእል እዩ።ነዚ ድማ ርኡይ ድኽመት ስልጣን ናይ'ቲ ዘሎ ምልኪ ክሰዕቦ ቀሊል እዩ። ምስ ግዜ፡ ምዕጋት ምንጭታት ስልጣን፡ ኣብ'ቲ ስርዓት ርኡይ ድኽመትን ለምሰን ኣኸቲሉ ናብ ውድቀት'ዉን ከብጽሖ ይኽእል ። <u>ፖለቲካዊ ደገፍ ዝስኣነ መላኺ</u>፡ ሓይሉ ቀስ ብቐስ ወይ'ውን ቀልጢፉ ይመውት፡፡

ኣብ ዝኾነ መንግስቲ ዝህሉ ደረጃ ሓርነት ወይ ምልኪ ምስ'ቲ እቶም ተጨቆንቲ ናጻ ንምኳን ዝህልዎም ትብዓት ወይ ድማ ንዘይምጽዓድ ዘርእይዎ ቅርብነት ከእለትን ተዛሚዱ ዝርአ ጉዳይ እዩ ፡፡

ክብል ሰለስተ ስልጣን ካበይ ይመጽእ ካብ ዝብል ተበጊሱ ቀንዲ ምንጭታት ፖለቲካዊ ስልጣን ጅን ሻርፕ ክብል ከሎ ኣስዒቡ ካብ ዝጠቀሶን ዘብርሆን **<u>፡ ሕምረት ዲሞክክራስያዊ ስልጣን</u>** ንምግላጽ፦ ሓደ ካብቶም መለለዩ ጠባያት ናይ ዲሞክራስያዊ ሕብረተሰብ፡ ህላወ ናጻ ዘይመንግስታውያን ጉጅለታትን ትካላትን እዩ ። እዚ ድማ ንኣብነት ቤተ-ሰባዊ፣ ሃይሞናታዊ. ባህላዊ፣ ስፖርታዊ፣ ቁጠባዊ፣ ንግዳዊ፤ ማሕበራት ወይ ትካላት፡ ናይ ተማሃሮን ፖለትካዊ ስልፍታትን ምትእኽኻባት፣ ናይ ዓድን ከባብን ማሕበራት፣ ናይ ሰብኣዊ መሰላት፣ሕርሻ፣ ሙዚቃ፣ ስነ-ጹሑፍን ካልእን ማሕበራት የጠቓልል። እዘን ትካላት እዚኣተን ብዘይካ ዕላማታተን ኣብ ምትግባር ሕብረተሰብኣዊ ጠለባት ኣብ ምምላእ'ውን ኣገደስቲ እየን ።

<u>ሕምረታት ዲሞክራስያዊት ስልጣን፡ ህዝቢ ንምልኪ ዝቃወመሉ ወይድማ ጸቕጢ ዝፈጥረሉ ፖለቲካዊ ሰረት የንጽፉ።</u> ኣብ መጻኢ መሰርትን ቅርጽን ናይ ሓራ ሕብረተሰብ፡ መተካእታ ዘይብለን ኣካላት እየን። ቀጻልነተን፡ ዕብየተንን ናጽነተንን ድማ ንዕዉት ሓርነታዊ ቃልሲ ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት እዩ፡፡ ክብል ብሰፊሑ ብዛዕባ ሕምረታት ዲሞክራስያዊ ስልጣን ከብርህ ከሎ ኣብ ስነ-ፍልጠት ዝተሞርኮሰን ኣብ ፍትሒ ዝተሰረተ ህዝባዊ ስርዓተ-ሕጊ፡ ኣብዚ ተሞርኩሱ ዝስረት ቁዋማዊ መንግስቲ ንምብጻሕ ዝምህር ጹሑፍ ኣበርኪቱ እዩ ፡፡

እዚ ካብ ነዊሕ ዝሕለም ዝነበረን ዘሎን ሕልሚ፣ ከምኡ ነቲ ኣብ ታሪኽ ተቐሚጠን መወከሲ ክኾና ዘለወን ናይ ብረታዊ ገድልታትና ተሞርኲሶም መንግስቲ ኣብ ስደት ክህልወና ኣለዎ ዝብሉ ባእታትና፡ ብሱሩ ***<u>መንግስቲ</u>*** ክብሃል ከሎ ንሓደ ሃገር መሬት፣ ባሕሪ ፣ ጠፈር፣ ህዝቢ፣ ዘጣቓለለ ዝገልጽ ኣምር-ዶ ኣይኮነን ? ንመላእ ህዝቢ ዘማሓድር ማእከላይ ፈጻሚ ኣካል(Government) መንግስቲ/ምምሕዳር ኣብ ድያስጶራ ኮይንካ ብዘይ ውክልና ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ክኸዉን ኢልካ ምሕሳብ ብሓቂ ሩጡቡን ጉቡኡን ኮይኑ-ዶ ይስምዓኩም ? ፡፡

ኩሉ ንፍትሒ ዝቃለስ ብሓባር ምቅላስን፣ ንኹሉ ዝጥርንፍ ባይታ ወይ ጽላል ክህሉ ድልየትን ጺዊዒትን ክኸዉን ከሎ፡ነቲ ወጽዓን ጭኮና ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓለምለኽ ባይቶታትን መንግስታትን ጥርዓኑ ዘቕርብ ብሕጋዊ መገዲ ክስታቱ ዘቕርብ፡ ውክልና ዘለዎ ሰፊሕ **<u>ኣፈ-ህዝቢ</u>** ኮይኑ ዝዛረብን ዝዋሳእን ከም ዘድሊ'ዉን ኩላትና እንሳማማዓሉ ጉዳይ እዩ፡፡ እዚ ማለት ግን ከም መንግስቲ ዘይኮነስ <u>ጠበቓ ህዝብን ፍትሓዊ ዝኾነ ኣማኻሪ</u> <u>ሽማግለ</u> ኢልና'ውን ክንጽውዖ ወይ ንስርሑ ብደምቢ ክገልጽ ዝኽእል ስያመ ክዋሃቦ ይካኣል ይኸዉን ዝብል ሓሳብ ቁቡል ይኸዉን፡፡

ኣብ ደወል ዝብል ጹሑፍና ዘቕረብናዮ እማመ ከምዚ ዝስዕብ ነይሩ፡ **ሓንቲ ነባሪት ሽማህለ፡ ንሱ ጥራይ እትሰርሕ ካብ ኩሉ ሕብረተሰብና ዝወጸት፡ ስፍሕ ዝበለ ቁጽሪ ዝሓቖፈት፣ ኣለዉ ዝባሃሉ ሰብ-ተሞክሮን፣ ሙሁራት ኣካልት፣ ሰብ ሞያ፣ ሓለፍቲ ሃይማኖት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሳይት፣ ዘለዋ <u>ኣዋሃሃዲት ሽማግለ፡</u>** <u>ወ</u>ጺኣ መደበ-ስርሓት ሰሪዓ ንድልየትን ባህግን ጠለባትን ህዝቢ እተተግብርን፣ ብፍላይ ክኣ ሙሉእ ሓላፍነት ሃልይውዋ፣ ናብ ኩሉ መድረኻት ዓለምለኽ፣ ከም ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ዓለም ፣ኤውሮጳ፣ ኣፍሪቃ ሊግ ዓረብን ኣስያን ኮታ ናብ ኩሎም መንግስታት ዓለም ጥርዓንን ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ምዕናው ልእላውነት ሃገርን ምብንጣስ ማሕበራዊን ቁጠባውን ሂወት ህዝብና እትገልጽ፡ግዝያዊ ውክልና ሕጋዊን ውድዓውነትን ምኳና እተራጋግጸሉ መስርሕ ክትክተል ይግባእ ዝብል ኣቕሪብና ነይርና፤ነቲ ተዋሃሂዱ ክሰርሕን ናይ ሓባር ጽላል ደምበ ፍትሒ እዉን እተጣጥሕ፡

ዘድሊ ማሕበራዊ ጸገማት ኤርትርራውያን 'ውን ንምፍታሕ እትጽዕር ካብቲ ስርሓታ ይኹውን ዝብል ርእይቶ ሕጂ'ውን ነዛኻክርን ኣድህቦ ክዋሃቦ ንጽውዕን፡፡

ብዝተረፈ ን-30 ዓመታት ዘይሕጋዊን ህዝቢ ምርጫ ወይ ዘየድመጸሉ ቅድም ግዝያዊ ጸኒሑ መሳጋገሪ ብዝብል ስያመ፣ ብማንም ዓይነት ስልጣን ንህዝቢ ከስረክብን ብግዝኣተ-ሕጊ ክቕየድ ዘይደሊ ሕጊ ኣልቦ ስርዓት ድሮ ተሞኲርና ኣብ ርእሲ ምኺና ፤ ዘይ ቅዋማዊ መንግስቲ ኣብ ዲያስጶራ ክንተክል ኢልካ ምሕሳብ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝብና ምስ ኣብ ደገ ዘሎ ኣካል ህዝቡ ክርሓሓቕ ጥራይ ዘይኮነስ ኣግላሊን መስርዑ ዘይሓዘን ጥራይ ኢልካ ዝሕለፍ ኮይኑ ይስማዓና፡፡

ተግባርነቱ ውድዓውን በዓል-ቤታውን እዉን ኣይኮነን ፡፡ ስለዚ እቶም ብንጽህና ነዚ መንግስቲ ኣብ ወጻኢ ኢልኩም እትሓስቡ ዳግመ ርእይቶ ክትገብርሉን፣ ሓልዮት ሙሉእ ህዝብና ቀዳምነት ክትሰርዑን ልባዊ ምሕጽንቶና ነቕርብ ፡፡

እቲ ካልኣይ ኣርእሲቲ ክኣ ብሓው ጋዜጠኛ ኣማኒኤል ዝነቐለ፡ **<u>ምውህሃድ ኤርትራዊ ሓይሊ ኣብ ጎኒ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ</u>** <u>(FORM)</u> ቅርጺ/ኩነት ንምስናድ ዝብል ተበግሶ እዉን ኣዛታይ ዛዕባ ኮይኑ ኣሎ፡፡

እዚ ተበግሶ'ዚ ካብ ኩነታት ደምበ ፍትሒ መቓቒሉ ዘሎ ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ፣ ብፍላይ ከኣ ኣብ ክሊ ትግራይ ወሪዱ ዘሎ፣ መምዘኒ ዘይብሉ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ስጋብ ምጽናት ህዝቢ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝጀመረ ኣብ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ዜጋታት ኢትዮጵያ እዉን ዝልሑኽ ዘሎ ግፍዕትታት ንምኹናን ጥራይ ዘይኮነስ፣ <u>ኣብ ጎድኒ ህዝቢ ትግራይ ወያናይ ቃልሱ</u> ክንከዉን ብጡርኑፍን ቅርጺ ዝሓዘ ኣጋባብ ክንዋሳእን ክንካፈሎን ይግባእ ዝብል ተበግሶ ድሮ **ኣሳናዳኢት ኮሚቴ ቆይማ ካልኦት ሓይሊ ዕማማት እናቖማ ጉዕዝኡ ጀሚሩ ይርከብ ፡፡**

እዚ ንኹሉ ተጠርኒፉ ዝቃለስ ዘሎ፡ ብውድብን ሰልፍታትን ተወዲቡ ካብ ነዊሕ ይኹን ኣብ ቀረባ እዋን በቢ-ወገኑ ክቃለስ ዝጸንሐ ብዘይ ምፍልላይ፡ ነዚ እዋን ሁጹጽ ከብሎ ዝኽእል ኩነት፤ተዋሃሂዱ ብሱሙር ስራሕን፣ (FORM) ቅርጺ ብምሓዝ፣ ትርኑዕ/ሓያል ደራኺ እንኾነሉ እዋን ምኧኑ ተረዲኢና ምስ እቲ ንህላውነቱ ኢሉ ህዝባዊ ቃልሲ ዘካይድ ዘሎ ወያናይ ህዝቢ ትግራይ፡ ጎድኒ ንጎድኒ ብምኧን ን-ሰነድን ፕሮጀክት ቀዳማይ ሚኒስትሪ ኢትዮጵያ ኣብይ ኣሕመድን ደስቡጣ ስርዓተ ኢሳያስን ጠጠው ከነብሎን ሃዶሽዶሽ ክብልን፡ኩሉ እቲ ንሕና ከነማልኦ ዘሎና ብግብሪ ከነትርጉም ሕልናዊን ሞራላዊን ግደታ እዩ፡፡

እዚ <u>መዋሃሃዲ ባይታ</u> ፈጢርካ ናይ ሓባር ግብራዊ ስራሕ ንምክያድ ዝነቐለ ሓሳብ ኩሉ ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋሳእ ቑቡሉን ክሰርሓሉ ዘለዎ ምኧኑ ንሕና ብወገና እንድግፎ መስርሕ እዩ፡፡

እቲ ዘስግእ ኣብ ጎድኒ-ዶ ወይ ብልፍንታዊ መልክዕ፡ ምስ ወያነ (ህውሓት)ትግራይ ዝምራሕ ህዝባዊ ቃልሲ፡ በየናይ መልክዕ ተዋሃሂድካ ትሰርሕ ዝብል ጥልቕን ኣእማኒን ዝኾነ ሰነድ ክህልዉ ኣድላይ ኮይኑ ይርኣየና፡፡ (Alliance) ኪዳን ክትገብር ከሎኻ ኑጹርን ንመጻኢ ኣብ ሓደጋ ዘየውድቕ ክኸዉን ኣለዎ ዝብል ንነፍሲ ወከፍ ዘታሓሳብ ኮይኑ ይስምዓና፡፡ ብንጹህ ድልየትን ተኣማሚንካ ዝስራሕ ኣብ ፖለቲካ ሲዒቦም ክመጹ ዝኽእሉ ሓደጋታት ከይህሉ ብምባል ኣቐዲምካ ስትራተጃዊ ውዕላት፣ቀዳምነታት እናሰርዐ ድሕሪ ንናይ ሓበርዊ ጻላእትኻ ምስ ተሳዕሩ፡ ዝስዕብ ናይ ክልተ ሃገር ዝምድና እዉን ኑጹርን ህዝቢ ዝፈልጦን ክኸዉን እቲ ተመራጺ እዩ፡፡

ነዚ ዘማልኡ ሰነዳት ዝቕርቡን ዲፕሎማስያዊ ርክባት ዘካይዱ ሙሁራት ኣካላት፡ሕጊ ዘጽንዑ፣ ፖለቲካ ሳይንስን ቑጠባዊን ማሕበራዊን ሰብ ሞያት ኣብዚ ስርሓት ኣበርክትኦም ዑዙዙን ኣገደስትን ይኾኑ፡፡ ህዝቢ'ዉን ምክትታል ክገብረሉ ዝኸል ኣካል ሃልይውዎ፡ ኣፍልጡኡ ክዓቢ ዕለት ብ-ዕለት ዝካታተላ ናሳ ማዕከናት ክሕብርኦ ኣገዳስነት ኣለዎ፡፡ በዚ መልክዕ ነቲ ክህሉ ዝኽእል ስግኣታትን ተሳዒሩ ዝሰርሓሉ ባይታ ክፍጠር ድልየትን ባህግን ነዚ ጹሑፍ እነቕርብ ዞሎና'ዉን እዩ፡፡

ኮይኑ ግን እዚ ተበግሶ ንጹር መስርሕ ሒዙ ፖለቲካዊ ሰረትን ውዕል ዝተደኮነ ክበቅዕ ምስ ዝካኣል፡ ክቕጽል ናትና ድልየትን ደገፍን ኣለዎ ክይበልና ክንሓልፍ ኣይንደልን ፡፡

ንኹሉ ህዝቢ ተገዳስነትን ተኣማምነትን ጥራይ ዘይኮነስ ብጉቡእ ምእንቲ ክሰርሕ ነጻ ኮይኖም ዝካታተሉ ወሕስ ናይዚ ምውህሃድ ኤርትራዊ ሓይሊ ኣብ ጎድኒ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ **ኦዲተርስ** ክህልውዎ ምሕጽንቶና እዩ።

**<u>መተሓሳሰቢ፡-</u> ኣትክሮን ቀዳምነት ክዋሃቦን ክስርሓሉ ኣለዎ ኢልና እንሓስቦ፡-**

**1) ድሮ ኣብ ጎድኒ ውያነ ህዝቢ ትግራይ ኮይኖም ኣብ ባይታ ንቃለስ ኣሎና ኢሎም ብድምጺ መራኸቢ-ብዙሃን ፣ ዝሓበሩ ምርካቦምን ምትብባዖምን ዘድሊ ሓገዝ ክረኽቡ ምግባር። ከምቲ ዝሓበርዎ ቅድሚ ፋሕ ኢሎምን በቢ ወገኖም ኣብ ቃልሲ ዝነበሩ፤ ኣብዚ እዋን'ዚ ናይ ሓባር ማእከላዊ ጸጥታዊ ወተሃደራዊ እዚ ገይርካ፣ ብሓባር ክንቃለስ ቡዙሓት ድሮ ጀሚርና ነቶም ካልኦት ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ኣብ ምርኻብ ንርከብ ኣሎና ክብሉ ተዛሪቦም ኣለዉ፡፡ ካብ ኣዛራርብኦም ስራሕና ንምእላይ ነዚ ደስቡጣ ስርዓት እምበር ምትካኡ ወይ ቦቱ ንምሓዝ ኣይኮነን፡፡ ከም ሰራዊት ኤርትራ ኮይና ንልእላውነት ሃገርን ህዝብን ምሕላው ሕጂን ን-መጻእን እዩ ዕላማናን ተልእኾናን፡፡ ስልጣን ናይ ህዝቢ ብህዝቢ እዩ እምነትና፡፡ ነዚ በጋባብ ክኸይድ ምእንቲ፣ እቶም ኣብ ዲያስጶራ ኣብ ደምበ ፍትሒ ዝዋሰኡ፡ ብሓባር ብምቅላስ እቶም ሙሁራት ኣካላትና ን-መሳጋገሪን ክኸዉን ዘለው ፖለቲካዉን ማሕበራዊ ቁጠባዊን መርሆ ጎደና ክስኑዱልና እዩ ትጽቢትና ይብሉ ኣለዉ እሞ ደጊምና ብ-ኣትክሮን ግዳስነትን ክርከቡ ኣለዎም ዝብል ርእይቶ ኣሎና፡፡**

**2) ኣብ ሱዳን'ዉን ዝተፋላላእዩ ምንቅስቓሳት ከም ዘለዉ ፉሉጥ እዩ፡፡ ነዚ-ኦም እዉን ምርካቡምን ምትባብዖም ኣገዳሲ እዩ ንብል፡፡ ባይታ ሱዳን ካብ ናይ ቀደም ሎሚ ዝሓሸ ባይታ እናኾነ ይኸይድ ምህላዉ እንሰምዖ ዘሎና ወረታት ጠቓሚ ኮይኑ ይስማዓና፡፡**

ሕጂ'ዉን ንሕሰብ ነስተውዕል ንማራመር ንባረበር

ኣቕረብቲ ፍትዊ ክፍለ ምስ ብዙ ቡቱኞሊ